# ንኢየሱስ ቀጺልካ ምልማን ከምዘድሊ

## ንባብ፡ ማቴ 15፡21-28።

> አብ ቅ. መጽሓፍ ቀጺልና ክንጽሊ ከምዘሎና ይነግረና። (1 ተሰሎ 5፡17፥ ሉቃ 18፡1፥ ቆላ 4፡2፥ ሮሜ 12፡12) ቀጺልና ክንጽሊ ከም ዘሎና ይነግሩና። አብ ጽቡቕ ጊዜ ኮነ አብ ሕማቕ ጊዜ ክንጽሊ ይግብአና።
>
> አብ መዝገብ ሃይማኖት ብዛዕባ ጸሎት ከምዚ ይብል፡ ጸሎት ማለት ሓሳብካን ልብኻን ናብ አምላኽ ገጽካ ምልዓል ወይ ከአ ካብ አምላኽ ሠናይ ነገር ምልማን ማለት እዩ... ትሕትና መሠረት ጸሎት እዩ (2559)።

ወንጌል ማቴዎስ ከምኡ ማር 7፡24-30 ብዛዕባ ሓንቲ ከንአናዊት ሰበይቲ ጓላ ጋኒን ሒዝዋ ንእትሳቐ ከሕውየላ አብኡ ከም ዝመጽአት ይነግረና። አብ ወንጌል ወለዲ ምእንቲ ደቆም ክልምኑ ንረኽቦም። ናይ ደቆም ስቓይ ስቓዮም ስለ ዝኾነ ራሕርሓልና እናበሉ ክምሕጸኑ ክልምኑ ንረኽቦም። ቅ. ሞኒካ ምእንቲ ወዳ አጎስጢኖስ ን30 ዓመት ከም ዝለመነት እሞ ድሕሪ እዚ ልመና አብ ልቡ ተመሊሱ ዓቢ ቅዱስ ከም ዝኾነ ታሪኽ ይነግረና። ልመና እምነት ክሕወሶ እንከሎ መልሲ አይስእንን እዩ።

ጎ.ኢ.ክ. ተልእክኡ ብዙሕ ጊዜ አብውሽጢ መሬት አይሁድ እምበር ካብኡ ብዙሕ አይወጸን። ግን ካብኡ ወጻኢ አብ ክልተ ከተማታት ጢሮስን ሲዶናን ዝብሃል ከምዝከደ ነንብብ። ስለምንታይ ኢየሱስ አብዘን ከተማታት መጺኡ እንተበልና እቲ መልሲ ክውል ክብል ሰላም ደልዩ ይመስል። ፈሪሳውያን ተጻቢኦሞ፥ ደቂ ዓዱ ሰብ ናዝሬት ምቕባልን ምእማንን አብየሞ፥ብኹሉ ዕረፍቲ ስለ ዝሰአነ ክርሕቕ ወሲኑ። አብ ርእስና እንተ ተመለስና ጽግም ምስ በለና ሰባት ምቕባል ምስ አበዩና አበይ ንኸይድ? ዕረፍትና አበይ እዩ። ብዙሓት ዕረፍቲ ዝረኽቡ መሲልዎም አብ መስተ አብ ዘይተደለ ወልፍን ዝአትዉ አለዉ። ንስኻ? ኺ አበይ ትኸይድ?

እዘን ክልተ ከተማታት አብ ገምገም ማእከላይ ባሕሪ ዝርከባ አብዚ ሕጂ ሊባኖስ ዝብሃል እየን ዝርከባ።አብኡ እንከሎ ሓንቲ ከንአናዊት ሰበይቲ አይሁዳዊት ዘይኮነት እኳድአ ካብቶም ጥንታውያን ጸላእቲ እስራኤል ዝኾነት፥ ብዝኾነ ባህላውን ሃይማኖታውን መለክዒ ዝኾነ ናብ ኢየሱስ ዘቕርብ ዘይብላ፥ አብኡ ቀሪባ ኦ ጎይታይ ወዲ ዳዊት ንጋለይ ጋኔን ብኽፉእ ኂዝዋ አሎ እሞ ራኅርኃለይ እናበለት ጨርሐት (ማቴ 22)። አብዚ ድሕረ ባይታና ታሪኽን ብዘየገድስ አብ አምላኽ ክንቀርብ አፍደገ ምሕረቱ ክፉት ከም ዝኾነ ንርኢ።

1. አብ ኢየሱስ ክትቀርብ ትብዓት የድሊ። ተበግሶአ ወይ ድፍረታ ዝምህረና አለዎ፥ እምነት አብ ኢየሱስ ገጽና ክንቀርብ እንከሎና እዩ ዝጅምር ወላ ዘይብቑዓት ኮይኑ እንተ ተሰመዓና። አብ ሕይወትና ክንደይ ጊዜ ይኸውን አነ አይበቅዕን እየ ቅዱስ አይ ኮንኩን ኢልና ካብ ጸሎት ካብ ቅዳሴ፥ ካብ ምስጢራት ድሕር እንብል? እዛ ሰበይቲ እተስተምህረና ምሕረት አምላኽ ብምኽንያት ዝሓለፈ ድሕሪ ባይታና ወይ ዘሎናዮ ኩነታት ደረት ከም ዘይብሉ።

2. እምነት ብሱቕታ ተፈቲኑ። አብ መጀመርያ ኢየሱስ አይመለሰላን ከምዘይ ሰምዓ ቀጺሉ።እዚ ዘጉህን ቃንዛን እዩ እሞ ብሕማም ጓላ ንእትሳቐ ዘላ።ግን ሱቕ ምባሉ ይሰምዐ የለን ወይ አብኡ

የለን ማለት አይ ኮነን። ሓሓደ ጊዜ ናይ ኣምላኽ ሱቕታ እምነትና ብዝያዳ ክዓሙቕ ምእንቲ ክኸውን ይኽእል።እታ ሰበይቲ መልሲ ስኢነ ኢላ ኣየቋረጸትን። ቀጺላ ለሚናዕ እዚ ዓይነት እዩ ኢየሱስ ዘድንቖ ለምኑ ክውሃበኩም እዩ ኳሕኩሑ ክኽፈተልኩም እዩ ዝበሎ።ኣምላኽ ሱቕ ክብል እንከሎ ይነጽገና የለን እምነትና ብዝያዳ ከደልድል ኢሉ ክኸውን ይኽእል። ኣብ መንጎ ሓዋርያት ኢዮም በጃኻ ደድጎሬና ትጠርዕ ኣላ እሞ ኣፋንዋ ኢሎም ዝለመንዎ።ንሱ ግን ብዘይካ ናብተን ብዘይካ ዝጠፍኣ ኣባግዕ ቤት እስራኤል ኣይተለኣኽኩን እናበለ መሊስሎም።ኣብዚ እታ ሰበይቲ ብርግጽ ካብ ቤተ እስራኤል ኣይኮነትን።

ኢየሱስ ወላ እኳ መልሲ ኣይሃባ እታ ሰበይቲ ግን ቀጺላ እናበኸየት ደድጎሪኡ እናሰዓበት ራሕርሓለይ እናበለት ብዘደንግጽ ድምጺ ትልምን ነራ። ሓንቲ እኽልቲ ሰበይቲ እናነብዐት ክትበኪ ምርኣይ እሞ ክትልምን እንከላ ንዝሰምዕን ዝርእን ከቢድ እዩ። ሰባት መልሲ ብዘይምሃቡ ብፍላይ ሓዋርያቱ እንታይ ድኣ ኾይኑ ኢሎም ደስ ኣይበሎምን ይከውን እዩ። ሎሚ ምናልባት ከምዚ እንተ ንርኢ እንታይ ምበልና። ኣብ ጓል ኣንስተይቲ ምጭካን ከቢድ እዩ።

3. ትሕትና ማዕጾ ዝኸፍት እዩ። ኢየሱስ ዝሃቦ መልሲ ብሓቂ ዘሰንብድ እዩ። እናበኸየት ንዝለመነት ክትሰምዖ ዘሰንብድ እሞ ዓለታዊ መልሲ ዝመስል ክህባ እንከሎ ንሰማዒ ዘሰንብድ እዩ። እንጌራ ውሉድ ኣልዒልካ ነኽላባት ምሃብ ጽቡቕ ኣይኮነን ኢልዋ።ኣይተኻትዓትን ራሕርሓለይ እያ ኢላ፥ እዚ ትሕትና ንልቢ ኢየሱስ ክትንክፎ ጀሚሩ። ኣብ ቅ. መጽሓፍ ኣኽላባት ወይ ሓሳሙ ዘይንጹሓት ከም ዝርኣዩ ገለ ክንጠቅስ፥ ኣብ ማቴ 7፡6 ተመሊሶም ከይነኽስኹም ቅዱስ ነገር ነኽላባት ኣይትሃቡ በእጋርም ከይረግጽዎ ድማ ሉልኩም ኣብ ቅድሚ ሓሳሙ ኣይትደርብዩ ዝብል ነንብብ። ኣብ ርድኢት ኣይሁድ ኣኻላባትን ሓሳሙን ዘይንጹሓት እንስሳ እዮም ዝቝጸሩ።ኣብ ፊሊጵ 3፡2 ካብቶም ኣኽላባት ተጠንቀቑ ዝብል ነንብብ።

ኣኽላባት ዘይንጹሓትን ኣብ ስጋዊ ርክቦም ዕስለ እዮም።በዚ ርድኢት ክርአ እንከሎ ከምቲ ንሕና እንሓስቦ ኣይኮኑን። ኢየሱስ ከልቢ ክብል እንከሎ ኩርኩር እዩ ዘስምዕ በዚ ኸአ ዝዕንቅፍ ኮይኑ ኣይርአን። ኩሉ ኣበሃህላ ካብቲ ክትብሎ ከሎኻ እትጥቀሞ ድምጺ እዩ። ኣብ ገለ እዋን ሓደ ቃል ዓው ኢልካ ክትብሎን ቀስ ኢልካ ክትብሎን ትርጉም ይቕይር እዩ።ኢየሱስ ዓለታዊ ኣይኮነን እዚ ኸአ ኣብቲ ካልእ ዝገብሮ ዝነበረ ክንምስክሮ ንኽእል።ምስ ኣይሁድ ዘይኮኑ ከምኡ ምስ መኽፈልቲ ቀረጽን መጸባሓንን ኃጥኣን ኮፍ ይብል ነሩ።

እታ ዘይትሕለል ሰበይቲ ብወገና እወ ጎይታይ ኣኽላባት እውን እንበር ካብ መኣዲ ጎይትኦም ዝወደቐ ርፍራፍ ይበልዑ እዮም በለቶ። በዚ ንኢየሱስ ሓቀኛ መንነታ ገሊጻትሉ። ሽዑ ኢየሱስ ኣቲ ሰበይቲ እምነትኪ ዓቢይ እዩ፥ ከምቲ ዝደለኽዮ ይኹንልኪ ኢሉ መለሰላ። በታ ሰዓት እቲኣ ኸአ ጓላ ሓወየት። እምነት ከም ሓደ ግቡእ ዘሎካ ንኣምላኽ እትሓቶ ኣይ ኮነን፥ ብዛዕባ ምሉእ እምነት ገርካ ወላ ሓንቲ እትቕርቦ ዘይብልካ ኣብ ሕያውነቱ ኣሚንካ እትቕርቦ እዩ።

### ኣብዚ እንታይ ንምሃር፡

1. እምነት ደረት ወይ ዶብ ወሰን የብሉን።ጸጋ ኣምላኽ ኣብ ገለሰባት፥ ወይ ባህልታትን ታሪኽን ጥራሕ ዝተሓዝአ ኣይ ኮነን። ንኹልና ዓለት ሰብ ብምሉእ እምነት ክንቀርቦ ከሎና ጸግኡ ይህበና።
2. እምነት ቀጻሊ እዩ፥ ወላ ጸሎትና መልሲ ኣይርከብ ቀጺልና ክንኩሕኾሕ ኣሎና። ኣብነትና እዛ ሰበይቲ እያ። ኣምላኽ ኣብ ዘድሊ እዋን ኣገባብን ክምልሰልና እዩ። ብዘይምቁራጽ ቀጺልኩም ጸልዩ ይብለና።

3. እምነት ትሑት እዩ። ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ዘሎና መዓርግ ወይ ክብሪ ሒዝና ኣይ ኮናን እንቐርብ ኣብኡ ኣብ ምሕረቱ እምነት ገርና ኢና እንቐርብ። ትሕትና ገርና ክንቀርብ ከሎና ተቐባልነት ኣሎና። ኣምላኽ ንትሑታት የፍቅር።

ኣብዚ ኢየሱስ ካብ ዘርኣዮ ዓቢ ለውጢ ኣባል ማኅበር ክትከውን ዓለት ወገን ከምዘየድሊ ዋጋ ከምዘይብሉ እንታይ ድአ ምሉእ እምነት። ኣብ ኢየሱስ ጎይታ ከም ዝኾነ እምነት ገርካ እዩ ኣባልነት ወገን ኢየሱስ። ኣብዚ ኣብ ልዕሊ ካልኦት ዓለታት ዘሎና ኣረኣእያ ከመይ ዝበለ ክኸውን ከምዘለዎ ንርኢ። ድኻታት ወይ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ጽጉማን ኣካላዊ ወይ ስነኣእምራዊ ጸገማት ንዘለዎ ብከመይ ክንርእዮም ከምዘሎና ናይ እዛ ሰበይቲ ኣብነትና እዩ፥ ክሳብ ክንደናይ ንኹሉ ክንሓቁፍ ቅሩባት ኢና። ዓለትነት ወገንነት ሓደ ካብቲ ጽዩፍ ነገራት ኣምላኽ ዘይፈትዎ ተግባር እዩ። ኣብ ቅድሚ ኢየሱስ ኩልና ሓደ ኢና።

ካብዚ እዛ ሰበይቲ ዝበለቶ ክንምሃሮን ክነስተውዕለሉን ዘሎና ነገራት ኣሎ፡

- *መቅድም ኩሉ ፍቕሪ ኣልአ።* ነቲ ናይ ጓላ ስቓይን ሕማቕ ነገርን ከምናታ ገራቶ። ወላ እኳ ኣረመን ትኹን ኣብ ልባ ፍቕሪ ጓላ ነርዋ እዚ ኸኣ ነቲ ኣምላኽ ኣብ ልዕሊ ነፍሲ ወከፍና ደቁ ዘርእዮ ፍቕሪ እዩ። ፍቕሪ እዩ ኣብዚ ጓና ዝኾነ ሰብኣይ ከምእትቐርብ ዝገበራ። ፍቕሪ እዩ ነቲ ሱቕታ መልሲ ዘይረኸበትሉ ከምእትቕጽል ገርዋ ከምኡ ነቲ ጸርፊ ዝመስል ከምትቕበል ዝገበራ። ፍቕሪ እዩ ልዕሊ እቲ ኹሉ ኢየሱስ ዘርኣያን ዝበላን ከም እትርኢ ዝገበራ። እቲ ቀንዲ ኣብ ውሽጣ ኮይኑ ከምትቕጽል ዝገበራ እምብኣር ፍቕር እዩ፥ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ከአ ካብኡ ዝበርትዕን ዝቐረበን የለን።
- እታ ሰበይቲ እምነት ነርዋ።

1. ምስ ኢየሱስ ከም እትራኸብ ዝገበራ እምነት እዩ። ወዲ ዳዊት ራኅርሓለይ እናበልት ጀሚራ እዚ ዝውቱር ኣጸዋውዓ፥ ፖሎቲካዊ ኣርእስቲ እዩ። ንኢየሱስ ከም ሓደ ዓብይን ሓያልን ተኣምራት ዝገብር ገሩ ዘርእዮ ኣርእስቲ። እዚ ኸኣ ብምድራዊ ስልጣንን ክብርን ክርአ እንከሎ እዩ። ኣብ ቅድሚ ሓደ ዓብይን ክብሩን ሰብ ቀሪባ ክሕግዛ ትልምን።ከም ኣብ ቅድሚ ሓደ ናይ ጥንቆላ ዝገብር ቀሪባ ብኽብሪ ሓቲታ። ኣብ መጨረሻ ጎይታ ትብሎ ንኢየሱስ። ኣብ ኢየሱስ ሓደ መልዕልተ ባህርያዊ ሓይሊ ክትርኢ ክኢላ። በዚ እዩ ኢየሱስ ክሳብ ኣብ ከምዚ ደረጃ እትበጽሓ እዩ ዝኾነ ኽገብረላ ዘይደለየ። ነቲ ልመና ንሓደ ዓቢ ሰብ ዝገበረቶ ጸሎት ናብ ሕያው ኣምላኽ ክቕየር ደልዩ። ኣብዛ ሰበይቲ እንርእዮ መጠን ኣብ ኢየሱስ ዝቐረበቶ እምነታ ክዓቢ ንርእዮ።ኣብ ገለ ጊዜ ኢየሱስ ዘይምልሰልና ክንዓብየሉ ዝደልዮ ነገር ኣለዎ።
2. ዘምለኸቶ እምነት እዩ። እናሰዓበት ዝጀመረቶ ኣብ ቅድሚኡ ብምብርካኽ ወዲኣቶ።ብምሕታት ዝጀመረቶ ብጸሎት ወዲኣቶ። ኣብ ኢየሱስ ክንቀርብ ከሎና መጀመርያ ነቲ ልዑል ክብሩ ብኣምልኾ ክንቀርብ ኣሎና ድሕሪኡ ነቲ እንደልዮ ክንገልጽ ንኽእል።
3. እታ ሰበይቲ ብዘይምሕላል ቀጺላ። ተስፋ ዘይትቖርጽ እያ ነራ።ብዙሓት ይጽልዩ ወይ ይልምኑ ምኽንያቱ ዕድሎም ከጥፍኡ ስለ ዘይደልዩ። ብሓቂ ክርአ እንከሎ ኣይጽልዩን ወይ ኣብ ጸሎት ኣይ ኣምኑን ዝኣምንዎ ገለ ብኣጋጣሚ ክርከብ ይክእል እዩ ብዝብል ይልምኑ። እዛ ከንኣናዊት ሰበይቲ ኣብ ኢየሱስ ዘምጽአ ምናልባት ከሕዊ ይኽእል እዩ ኢላ ዘይኮነ ንሱ ጥራሕ ተስፋኣን እምነታ ከም ዝኾነ ኣሚና እያ ቀሪባ። ፍቕሪ ብዝመልአ ተስፋ እያ ቀሪባ፥ ብሓቂ ካብ ልቢ ዝነቐለ ብዝቃጸል ኣድላይነት ምስ ምሉእ እምነት እያ ቀሪባ። ኣብኣ ዝኾነ ምጥርጣር ኣይ ነበረን።ጸሎት ንኣአ ስርዓት ምፍጻም ኣይኮነን፥ ካብ ልባ ዝነቐለ ዝወጽእ ናይ ነፍሳ ድለት እዩ።
4. እዛ ሰበይቲ ሕጉስቲ ናይ ምኧን ህያብ ነርዋ። ኣብ ከቢድ ጸገም እንከላ ነቲ ዘለአ ጸገም ዓጊታ ፍሽኽ እናበለት ብፍቕሪ ትልምን። ከምጽሓይ ጻዕዳ ዝኾነ ርጉጽ ዝኾነ ነገር ኣብኣ ይርአ።ኣምላኽ

> ካብ ፍቕሪ ዝመስረቱ እምነት ይፈቱ፥ እምነቱ ኣብኡ ብርሃን ተስፋ ዘልኦ። እምነት ብፍሽኽታ ዝተሰነየ ንጸላም ብብርሃን ዝኹልዕ።

ናይ እዛ ከንኣናዊት ሰበይቲ ታሪኽ ከም መስትያት ናይ ነፍሲ ወከፍና ናይ ጸሎት ሕይወት ታሪኽ እዩ። ገለ እዋን ሱቕታ ኽገጥመና እዩ፥ ገለ እዋን ከም ጓኖት ዘይ ደቂ ቤት ክስምዓና እዩ፥ ግን ብትብዓት እምነት ገርና ክንቕጽል ከሎናን ትሕትና ለቢስና ክንቀርብ ከሎና ልክዕ ነዛ ሰበይቲ ዝተባህለ ክንሰምዕ ኢና። እምነትኪ/ካ ዓቢ እዩ፥ ከምቲ ዝደለኽዮ/ኻዮ ይኹነልኪ/ካ ክብለና እዩ።

ኣብዘን መዓልታት ክትጽልዩ ከለኹም እቲ ኣብውሽጢ ልብኹም ዝስምዓኩም እትደልይዎ ኣምጽኡ። መልሲ እንተ ዘይረኽብኩም ተስፋ ኣይትቕረጹ፥እዚኣ ከንኣናዊት ሰበይቲ ዝለመነቶ ድገም ጎይታይ ራሕርሓለይ እናበልካ/ኪ ለምን።እመን እታ ዝንኣሰት ክፍሊ ጸግኡ ሕይወትካ/ኪ ክትቅይር እትኽል እያ።

ጸሎትና ተቐቢሉ እንደልዮ ጸጋ ይዓድለና።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ።